Metro South Health

Tigrinya

# ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ኣብ ሓለዋ ጥዕና

## ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ኣብ ሓለዋ ጥዕና እንታይ እዩ?

ሕማም ወይኻዓ ጸገም ጥዕና ክህልወካ እንከሎ ኣገልግሎታት ሓለዋ ጥዕና ክሕግዙኻ እዮም። ሓደሓደ ግዘ መርመራ ጥዕና ወይኻዓ ሕክምና ምግባር የድልየካ እዩ። መርመራ ጥዕና ወይኻዓ ሕክምና ንምግባር ትሰማማዕ እንተኾይንካ ናይ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ግድን ክሓትት ኣለዎ። ከምዘሓመምካ ወይኻዓ ጸገም ጥዕና ከምዘለኻ ብንጹር ተረዲእኻ ብናይ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ዚግበሩ ነገራት ክትሰማማዕ እንከሎ ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ይብሃል።

ቅድሚ ስምምዕነት ምውሃብኻ ብዛዕባ ናትኻ ሓለዋ ጥዕና ዘለዉ ምርጫታት ክትፈልጥ ኣለካ። ሕክምና ምግባር ወይኻዓ ዘይምግባር ክትመርጽ ትኽእል።

## እንታይ ዓይነት መረዳእታ የድልየኒ?

ብዛዕባ ትገብሮ መርመራ ጥዕና ወይኻዓ ሕክምና ንክትውስን መታን ክሕግዘካ ናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ መረዳእታ ክህበካ እዩ።

ከምኡ’ውን በዚ ዝስዕብ ሕቶታት ንናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ክትሓትት ትኽእል፡




- ናተይ ሕማም ወይኻዓ ጸገም ጥዕና እንታይ እዩ?
- እቲ ዘካየድ መርመራ ጥዕና ወይኻዓ ሕክምና እንታይ እዩ?
- እቲ መርመራ ጥዕና ወይኻዓ ሕክምና ብኸመይ ክሕግዘኒ እዩ?
- እቲ መርመራ ጥዕና ወይኻዓ ሕክምና ዝኾነ ጸገም ክፈጥረለይ ይኽእል‘ዶ?
- እቶም ጸገማት ክንደየናይ ከቢድ ክኾኑ ይኽእሉ?
- ዝተፈላለዩ መርመራታት ጥዕና ወይኻዓ ሕክምናታት ኣለዉ’ዶ?
- ድሕሪ መርመራ ጥዕና ወይኻዓ ሕክምና እንታይ ይፍጠር?
- ክሕሸኒ ድዩ?
- ንክሕሸኒ ክንደይ ግዘ ክወስድ እዩ?
- ሕክምና እንተዘይረኺበ እንታይ ክፍጠር ይኽእል?

ዝኾነ ነገር እንተዘይተረዲኡኻ ናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ንገር።

## ንምንታይ እዩ ኣፍልጦ ዘለዎ ፈቓድ ዝህብ?

ቅድሚ መርመራ ወይኻዓ ሕክምና ምግባር ንናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ስምምዕነት ንክትህብ ኣብ ኣውስትራሊያ ሕጊ እዩ።

## ናይ ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ቅጥዒ ምፍራም ንምንታይ ኣድልዩኒ?

ከም መጥባሕቲ ዝኣመሰሉ ዓቢ ጸገም ዘለዎም ሕክምናታት ብጽሑፍ ዝተዳለወ ቅጥዒ ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ክትፍርም ክትሕተት ኢኻ። ኣብ ኻልእ ግዘ ዘድልየካ ግን ንናትካ ሰራሕተኛ ከምተሰማማዕኻ ምንጋር ጥራይ ይኽውን። ንናትኻ መርመራን ሕክምና ዝሃብካዮ ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ቅጥዒ ዘንብቦ በቲ ጉዳይካ ተሳትፎ ዘለዎም ናይ ጥዕና ሰራሕተኛታታ ጥራይ እዩም።

ናትካ ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ቅጥዒ ኣብናትካ ሓለዋ ጥዕና ተሳትፎ ንዘይብሉ ዝኾነ ሰብ ኣይውሃብን።

## መን‘እዩ ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ክህብ ይኽእል?

ንናትካ ሕክምና ዘሎ መማረጺታት ክትፈልጥ እንተኺኢልኻን ንናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ እንታይ ከምትደሊ ክትነግር እንተኺኢልኻን እቲ ውሳነ ገባሪ ንስኻ ክትኸውን ኣለካ። ኣብ ግዜ ቀጸሮታትካ መሓዙት፣ ስድራቤት ወይኻዓ ኣባላት ማሕበረሰብ ክተምጽእ ትኽእል ኢኻ፡ ምኽሪ’ውን ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ። ሓደሓደ ግዘ ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ፣ ኣባል ስድራቤት ወይኻዓ መሓዛ ክውሰነልካ ይኽእል እዩ።

Queensland Government

## ንሕጻን ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ መን ይህበሉ?

ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾነ ሕጻን መብዛሕትኡ ግዘ ወላዲ፣ መጉዚት ወይኻዓ ሓልየት ውሃቢ ፍቓድ ይህብ። ሓደ ሕጻን ንዝግበረሉ ሕክምናን ኣብ ጥዕናኦም ክመጽእ ዝኽእል ጸገምን ብምሉእ ክርዳእ ዝኽእል እንተኾይኑ ባዕሎም ፍቓድ ክህቡ ይኽእሉ እዮም። ሓደ ሕጻን ባዕሉ ፍቓድ ክህብ ይኽእል እንተኾይኑ ናይ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ከጻርይ እዩ።

## ክንደየናይ ክፈልጥ የድልየኒ?

ናይ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ዘደሌኻዮ መጠን ብዝሒ መረዳእታ ክህበካ እዩ። ንዘለውኻ ኩሎም ሕቶታት መልሲ ክህቡኻ ክፍትኑ እዮም። ብዛዕባ ናትካ መርመራ ወይኻዓ ሕክምና ክትፈልጦ ዘይትደልዮ ዝኾነ ነገር እንተሃልዩ ንናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ንገሮም።

## ንምውሳን ክንደይ ግዘ ይህልወኒ?

ኣብ ግዜ ህጹጽ እዋናት ውሳነታት ብቕልጡፍ ክወሃቡ ኣለዎም። ህጹጽ ረድኤት ንዘየድልዮ ግን ንምውሳን ብዙሕ ግዘ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ናትካ መርመራ ወይኻዓ ሕክምና ሕጂውን ርግጸኛ እንተዘይኾንካ፣ ምእንታን ክትውስን ክሕግዘካ ንኻልእ ሓለዋ ጥዕና ክተዘራርብ ትኽእል።

## ኣስተርጓማይ የድልየኒ ድዩ?

ንናይ ጥዕና መርመራ ወይኻዓ ሕክምናታት ክርድኣኻ ከቢድ ክኸውን ይኽእል። ጽቡቕ ውሳነ ንምግባር፣ ንስኻን ናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ምርድዳእ ኣገዳሲ እዩ። እንግሊዝኛ ቀዳማይ ቛንቛኻ እንተዘይኾይኑ፣ ኣብ ግዘ ቀጸሮኻ ሞያ ዘለዎ ኣስተርጓማይ ክዳለወልካ ይኽእል። ብኣካል ኣስተርጎምቲ ወይኻዓ ብስልኪ ኣስተርጎምቲ ብናጻ ይኸውን። ብዛዕባ ሓልየት ጥዕናኻ ክትዘራረብ እንከሎ ኣስተርጓማይ ምሳኻ ንክኸውን ንስኻ ወይኻዓ ናትኻ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ምሕታት ይኻኣል። ንናትካ ኣስተርጓማይ ዝተዛረብካዮ መረዳእታ ብሚስጢር ይዕቀብ።

## ፍቓድ ሂበ ዳሕራይ ሓሳበይ እንተቐየርኩ እንታይ ይኸውን?

ዋላ'እኳ ናይ ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ ቅጥዒ እንተፈሪምካ ወይኻዓ መርመራ ወይኻዓ ሕክምና ንምግባር ምስ ናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ እንተነገርካውን፣ ኩልግዘ ሓሳብኻ ክትልውጥ ትኽእል ኢኻ።

## ምዝካር

- ◊ **ሕቶታት ምሕታት**
  ናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ዝሓበረካ ኩሉ ነገር ክትርድኦ ኣገዳሲ እዩ። ክሳብ ዝደለኻዮ ብዝሒ ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንክሕግዘኻ ምሳኻ ዝኾነ ሰብ ሂዝኻ ክትመጽእ ትኽእል።
- ◊ **ኣስተርጓማይ ክዳለወልካ ምሕታት**
  በዓልሞያ ኣስተርጎምቲ ብናጻ እዮም። ንስኻን ናትካ ሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛ ንክትረዳድኡ ቐሊል ይገብርዎ።
- ◊ **እዚ ናትካ ምርጫ እዩ**
  ዋላ ኣፍልጦ ዘለዎ ፍቓድ እንተሃብካ'ውን ኣብ ዝኾነ ግዘ ሓሳብካ ክትልውጥ ትኽእል ኢኻ።